# ንNHS ሓበሬታኻ የገድስ እዩ (Your Data Matters)

## ሓበሬታ ብዝዕባ ጥዕናኻን ሕክምናዊ ኽንክንካን ውልቃዊ ኽንክንካ ንምምሕያሽ፡ ምርመራ ንምቅልጣፍ፡ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ኣግልግሎታት ንምውጣንን ሓድሽ ናይ ሕክምና ምርምር ኣብ ምግባርን ይሕግዘና።

ኣብ ግንቦት 2018፡ እቶም ብዛዕባ ነዚ ሓበሬታ ብኸመይ ክትጥቀመሉ ኣለካን የብልካን ዝነግሩ ጽኑዓት ሕግታት ከምዝሕይሉ ኮይኖም እዮም። NHS ናይ ተሓካሚ ሓበሬታ ውሑስ ገይርካ ኣብ ምዕቃብን ከመይ ኣብ ጥቕሚ ከምዝውዕል ኵሉግዜ ንጹር ኣብ ምኧንን ተወፍዩ ይሰርሕ።

እቲ ምስጢራዊ ናይ ተሓካሚ ሓበሬታኻ ንምርምርን ውጥን ምውጻእን ኣብ ጥቕሚ ክውዕል እንተልይዎ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ብጻሕ፥ **nhs.uk/your-nhs-data-matters**

ብዛዕባ መሰላት ሓበሬታኻ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ብኽብረትካ ኣብቲ ሓበሬታኻ የገድስ እዩ (Your Data Matters) ዝብል ወፍሪ ኣብ ico.org.uk ብጻሕ።

## እቲ ምስጢራዊ ናይ ተሓካሚ ሓበሬታኻ ንምርምርን ውጥን ምውጻእን ኣብ ጥቕሚ ክውዕል እንተልይዎ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

### ሓበሬታኻ ብኸመይ ኣብ ጥቕሚ ከምዝውዕል

ናይ ጥዕናኻን ሕክምናዊ ኽንክንካ ሓበሬታ ውልቃዊ ክንክንካ ንምምሕያሽ ይጠቅም። ከምኡ'ውን ምርምር ናይ ሓደስቲ ሕክምናታት ንምግባር፡ ናይ ሓፈሻዊ ሓኪም ክሊኒካት ኣበይ ክንከፍት ከምዘለና ንምውሳንን ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ሆስፒታል ዘለዉ ዶካትርን ኣለይቲ ሕሙማትን ቁጽሮም ኣብ ምትላምን ይሕግዝ። ኣብ ዝተኻእለሉ መንነትካ ዘይፍለጠሉ ሓበሬታ ክንጥቀም ንፍትን ኢና፡ ሓድሓደ ግዜ ግን ምስጢራዊ ናይ ተሓካሚ ሓበሬታኻ ምጥቃም ኣድላዪ እዩ።

### ምስጢራዊ ናይ ተሓካሚ ሓበሬታ እንታይ እዩ?

ምስጢራዊ ናይ ተሓካሚ ሓበሬታ መንነትካ ይሕዝን ብዛዕባ ጥዕናኻ፡ ኽንክንካ ወይ ዝተሓከምካዮ ገለ ነገር ይብል። እዚ ሓበሬታ ብምስጢር ክዕቀብ ትጽበዮ ኢኻ። ከም ስምካን ኣድራሻኻን ዝኣመሰሉ ሓበሬታ ዝሓዘ፡ መንነትካ ጥራይ ዝገልጽ ሓበሬታ፡ ከም ምስጢራዊ ናይ ተሓካሚ ሓበሬታ ኣይቁጸርን'ዩ ገና ከኣ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል፥ ንኣብነት፡ ምምልላስካ ናብ ሓፈሻዊ ሓኪም ምስ ካልእ ይጽንበር እንተልዩ ክንረኽበካ ምእንቲ።

### ምስጢራዊ ናይ ተሓካሚ ሓበሬታኻ ንምርምርን ውጥን ምውጻእን መን ክጥቀመሉ ይኽእል?

ብ NHS፡ ናይ ከባቢኻ ሰብ-ስልጣን፡ ናይ ዩኒቨርሲቲን ሆስፒታልን ተመራመርቲ፡ ናይ ሓድሽ ኣፈዋውሳ ምርምር ዘካይዳ ሕክምናዊ ኮለጃትን ፋርማስያዊ ኩባንያታትን ኣብ ጥቕሚ ይውዕል።

### ንሓበሬታኻ ናይ ዘይምክፋል-ምርጫ ምግባር

ምስጢራዊ ናይ ተሓካሚ ሓበሬታኻ ንምርምርን ውጥን ምውጻእን ከይተካፍል ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ኮይኑ ግና ምስጢራዊ ናይ ተሓካሚ ሓበሬታኻ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕለሉ ግዝያት ክህሉ ይኽእል እዩ፥ ንኣብነት፡ ንጥዕናኻን ጥዕና ካልኦትን ኣብ ሓደጋ ከእቱ ዝኽእል ለበዳ ኣብ ዝመጸሉ እዋን። ከምኡ'ውን ኣብ ሓደ ውሱን ናይ ምርምር ፕሮጀክት ክትሳተፍ ገና ከትፈቅድ ትኽእል ኢኻ።

### እዚ ናይ ዘይምክፋል-ምርጫ ምግባር ንኽንክንካን ምሕካምካን ይጸልዎ ድዩ?

ኣይጸልዎን'ዩ፡ ምስጢራዊ ናይ ተሓካሚ ሓበሬታኻ ንውልቃዊ ኽንክንካ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል እዩ። ናይ ዘይምክፋል-ምርጫ ምግባር ንኽንክንካን ሕክምናካን ኣይጸልዎን'ዩ። ናይ ምርመራ ኣግልግሎታት ክግበረልካ ክትዕደም ኢኻ፡ ከም በዓል ምርመራ ናይ መዓናጡ መንሽሮ።

### ቀጺልካ እንታይ ክትገብር ኣለካ?

ብዛዕባ ምስጢራዊ ናይ ተሓካሚ ሓበሬታኻ ከመይ ኢሉ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል ኣሎ ሕጉስ እንተኾይንካ ዝኾነ ነገር ምግባር ኣየድልየካን'ዩ።

ምስጢራዊ ናይ ተሓካሚ ሓበሬታኻ ንምርምርን ውጥን ምውጻእንን ክጥቀምሉ እንተዘይደሊኻ፡ ብውሑስ መንገዲ ብኢንተርነት ወይ ኣገልግሎት ተሌፎን ንኸይተካፍል ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

**ምርጫኻ ኣብ ዝኾነ ግዜ ክትቅይሮ ትኽእል ኢኻ።**

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ወይ ምርጫኻ ንምግባር ኣብ **nhs.uk/your-nhs-data-matters**

ብጻሕ ወይ ናብ **0300 303 5678** ደውል።